# Washington Apple Health ኣፕል ጥዕና ዋሽንግተን
# መሰላት ምምሕዳራዊ መጋባእያን ገደብ ጊዜን
## Washington Apple Health Administrative Hearing Rights and Deadlines

ንሽፈነ ኣፕል ጥዕና ዋሽንግተን ምስ ዚነጽጉ፡ ዜኽተሞ ወይ ዚለወጠ ውሳነና ምስ ዘይትሰማማዕ፡ ጉዳይካ ናብ ምምሕዳራዊ መጋባእያ ክተቕርቦ መሰል ኣሎካ።

- ኣብ ርእሲ እዚ መሓበሪ ካብ ዚሰፈረ ዕለት ንደሓር ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት መጋባእያ ክትጠልብ መሰል ኣሎካ። ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት መጋባእያ ምስ ዘይትጠልብ፡ ናይ መጋባእያ መሰልካ ክትስእኖ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ እዋን መስርሕ መጋባእያ ሽፈነኻ ኪቕጽል ምስ እትደልይ፡ ኣብ ታሕቲ **ንዘሎ ቀጻልነት ሽፈነ ኣብ እዋን መስርሕ ምምሕዳራዊ መጋባእያ ርአ።**
- ንሕግታት መጋባእያ ኣብ ምምሕዳራዊ ስነ-ስርዓት ዋሽንግተን (WAC)፡ ምዕራፍ 182-526 ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ።
- ክፍለ-ሃገራዊ ወይ ፈደራላዊ ሕጊ ምስ ዚቐየር ብኡ ብኡ ኹሎም ኣብ ሓደ ፕሮግራም እተመዝገቡ ሰባት ብተመሳሳሊ መገዲ ስለ ዚጽለዉ፡ ሽፈነኻ ምስ ዚንጸግ፡ ዜኽትም ወይ ዚልወጥ፡ መሰል መጋባእያ ከይህልወካ ይኽእል እዩ (RCW 74.09.741(3))።
- ህጹጽ ናይ ጥዕና ክንክን ድልየት እንተሃልዩካ፣ ንቕልጡፍ መጋባኣያ ክትሓትት ትኽእልን እቲ ዘድሊ ናይ ሕክምና መረዳእታ ክተረክብ ኣለካ፡ ፡ እቲ ዳይና ቅልጡፍ ዝኾነ መጋባኣያ ክህልወካ ከም ዝኽእል ወይ ከም ዘይኽእል ክዉስን እዩ፡፡ ተኸታታሊ ሽፋን ምቅባል ቐጺልካ እንተኾይንካ ቕልጡፍ መጋባኣያ ከይግበረልካ ይኽእል እዩ፡፡

እቶትካ ትሑት ምስ ዚኸውን፡ ውሁድ ምኽሪ ሕጋዊ ትምህርትን መወከስን (CLEAR) ናጻ ሕጋዊ ደገፍ ክትረክብ ኪሕግዘካ ይኽእል እዩ። ኣብ http://nwjustice.org/clear-online, ክተመልከት ትኽእል፡ ወይ፥

- ዕድመኻ ትሕቲ 60 ዓመት ምስ ዚኸውን፡ ናብ CLEAR ብ1-888-201-1014. ደውል።
- ዕድመኻ 60 ወይ ልዕሊኡ ምስ ዚኸውን፡ ናብ ሰብ-ጸጋ ዕድመ CLEAR ብ1-888-387-7111 ደውል።

### ቀጻልነት ሽፈነ ኣብ እዋን መስርሕ ምምሕዳራዊ መጋባእያ

- መሓበሪኻ ንናይ ዋሽንግተን ኣፕል ጥዕና ሽፋን ክንዝዝሞ ወይ ክንልውጦ ኢና ምስ ዚብል፡ ወይ፡ ኣቕዲሙ እተፈቐደልካ ኣገልግሎታት ክነኽትሞ፡ ክነደስክሎ ወይ ክንንክዮ ኢና ምስ ዚብል፡ ኣብ እዋን መስርሕ መጋባእያኻ ንሽፈነኻ ክትቅጽሎ ትኽእል ኢኻ።
- ሽፈነኻ ንምቕጻል፡ ሽፈነኻ ወይ ኣገልግሎታትካ ኬኽትም ቅድሚ እተመደበሉ ጊዜ፡ ወይ ድሕሪ መሓበሪ ካብ እተቐበልካላ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ወይ ቅድሚ ናይቲ ወርሒ መወዳእታ መዓልቲ መጋባእያ ክትጠልብ ይግባእ። ከም ዘይተቐበልካዮ ኣብ ውሽጢ እተን 5 መዓልታት እንተርፎ ዘይኣርኢኻና፡ 5 መዓልታት ድሕሪ እቲ ኣብቲ መሓበሪ ዝሰፈረ ዕለት መሓበሪ ከም ዝበጽሓካ ኢና እንጽብጽቦ።
- ቀጻልነት ሽፈነ ወይ ኣገልግሎታት እናተቐበልካ ኣብ መጋባእያኻ ምስ እትርታዕ፡ ናይ ቀጻልነት ሽፈነ ወይ ኣገልግሎታት ክሳብ 60 መዓልታት ክትከፍሎ ትኽእል ኢኻ (ርኣይ WAC 182-504-0130)።
- ንምንጻግ ኣፕል ጥዕና ዋሽንግተን ጠለብካ ክትብድሆ መጋባእያ እናተጸበኻ ከሎኻ፡ ሽፈነ ክትቅበል ኣይትኽእልን ኢኻ።

### ምምሕዳራዊ መጋባእያ ምጥላብ

ምምሕዳራዊ መጋባእያ ንምጥላብ፡ ወይ ተርጓማይ ወይ መጋባእያ ንምጥላብ ካልእ ሓገዝ እንተ ደሊኻ፡ ሓደ ካብዞም ዚስዕቡ ግበር፥

- ንናይ ማሕበረሰብ ግልጋሎት ቤት ጽሕፈት ማእኸል ግልጋሎት ዓማዊል ብ1-877-501-2233 ደውል ወይ ንከባቢያዊ ቤት-ጽሕፈት ዕቑባን ኣገልግሎት ማሕበረሰብን (HCS) ደዉል።
- ንLTC ስፔሻሊቲ ክፍሊ ብ1-855-873-0642 ደውል ወይ ንከባቢያዊ ቤት-ጽሕፈት ምዕባለ ስንኩላን ምምሕዳርካ (DDA) ደዉል።
- ደብዳበ ጸሓፍ ወይ ኣብ http://www.hca.wa.gov/apple-health-client-forms ከምኡ እዉን ንዚርከብ ቅጥዒ ምምሕዳራዊ መጋባእያ (HCA 12-507) ምልኣዮ፡ ከምኡ'ውን

  ፋክስ ናብ 1-888-338-7410 ለኣኽ፤ ወይ

  ብጾስጣ፥ CSD Customer Service Center PO Box 11699 Tacoma, WA 98411-6699

ንመን ክትረክብ ከም ዘለካ እንተዘይፈሊጥካ፣ ኣብቲ ናይቲ ደብዳበ ፈላማይ ገጽ ብዝርከብ ቁጽሪ ደዉል፡፡ ቅድሚ መጋባእያ፡ ጉዳይካ ርኢና ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ክነዘራርበካ ክንፍትን ኢና።